# ንሃይለመለኮት ወሃቢ (DONOR) ናይ ምርካብ ወፈራ



ሓውና ሃይለመለኮት ቢቶው ሓደ ካብቶም ኣዚዮም ተበላሓቲ: ህርኩታት ኣገልገልቲ ናይ ማሕበረኮምና ምንባሩ ኩልና እንዝክሮ ኢዩ፡፡ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ፡ ሓውና ሃይለመለኮት ናይ ልይንፎማ ሕማም ከም ዘለዎ ብሓካይም ተነጊርዎ፡፡ ዘድሊ ሕክምና ድሕሪ ምግባር፡ ንዝሓለፈ ዓሰርተው ሓደ ኣዋርሕ፡ ናይ ምሕዋይ ኣንፈት ከርኢ ጸኒሑ፡፡ ሕጂ፡ ሕማሙ ደግሲ ጌርሉ፡ እናበርተዖ ይኸይድ ኣሎ፡፡ በዚ ድማ ሂወቱ ንምድሓን ፍልሰተ ኣንጉዕ (BONE MARROW TRANSPLANT) ከምዘድልዮ ተፈሊጡ ኣሎ፡፡ ሃይለመለኮት መበቆሉ ካብ ኤርትራ ኢዩ፡፡ ስለዚ፡ ናይ ምድሓኑ ዚሓሸ ዕድል፡ ተመሳሳሊ መበቆል ካብ ዘለዎም፡ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቓ ተወላዶ፡ ምስ ናቱ ዚመሳሰሉ ወሃብቲ (DONORS) ምስ ዚርከቡ ኢዩ።

ምብራቓዊ ኣፍሪቃ ዚመበቖሎም ወሃብቲ ኣብ መዝገብ ምስፋር፡ ንሓውና ሃይለመለኮት ዘድሕን ዝመሳሰል ምርጫ ናይ ምርካብ ዕድል ኣዚዩ ከዛይዶ'ዩ። ካብኡ ንላዕሊ ድማ፡ ካብ ምብራቓዊ ኣፍሪቃ ዚመበቆሎም፡ ፍልሰተ ኣንጉዕ (BONE MARROW TRANSPLANT) ዚጠልብ ሕማም ምስ ዘጋጥም ዝመሳሰል ውሃቢ ናይ ምርካብ ዕድል፡ ንሕጂ ይኹን ንመጻኢ፡ የዕብዮ፡፡ ናይ ሃይለ ሓካይም ብ "ቢ ዘ ማች" (BE THE MATCH) ዚተባህለ ዓለምለኻዊ መዝገብ ናይ ወሃብቲ ኣቢሎም ዚመስሎ ወሃቢ ንምርካብ ይፍትሹ ኣለው። ክሳብ ሕጂ ግን ምስ ናይ ሃይለ ዚመሳሰል ወሃቢ ኣይተረኽበን። ነብሲ ወከፍና፡ ሎሚ፡ ከም ወሃቢ ብምምዝጋብ፡ ንምርካቡ ኣጸጊሙ ዘሎ ፍታሕ ኪኸውን ዓቢ ኣኽእሎ ኣለዎ፡፡ ሂወት ናይ ሓውና ሃይለመለኮት ዘድሕን ሰብ ክንከውን ንኽእል ኢና።

ሃይለ ንማሕበረ ኮምና ብዙሕ ዚሃበ፡ ኣብ ውዑይን ዚሑልን ዚተላእከ፡ ንዕብየትና ብዙሕ ዘበርከተ ሓው'ዩ ፡ ሃይለ ካብ ኩልና፡ ሕጂ፡ ዓቢ ደገፍ ይሓትት ኣሎ፡፡ ሃይለ ብቕጽበት ሂወቱ ናይ ምድሓን ሓገዝና ይደሊ'ሎ። ንዚገበረልካ ወይ ንገረሉ ወይ ግበረሉ ከም ዚበሃል፡ ንምሕጋዙ ክትገብርዎ ካብ እትኽእሉ ከኣ እነሆ፡ ከምዚ ዚስዕብ'ዩ።

ዕድሜኹም ካብ 18 ክሳብ 44 ዓመት ምስ ዚኸውንን ሓፈሻዊ ጥዕናኹም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ምስ ዚህሉን ንዚኾነ ዚመስለኩም ናይ ጥዕና ሽግር ዚገጠሞ ሰብ ወሃብቲ ክትኮኑ ፍቓደኛታት ምስ እትኾኑ፡ ኣብ [www.bethematch.org](http://www.bethematch.org) ኣቲኹም hope4haile ዚብል ፍሉይ መለለዪ ብምጥቃም ምስ "ቢ ዘ ማች" ከም ወሃብቲ ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ሓንሳብ ኣብ ኢንተርነት ናይ ወለንተኛነትኩም ቀጥዒ ድሕሪ ምምላእ፡ ናይ ምራቕኩም ጠብታ እትልእኩሉ ቁርባበሻ (KIT) ኪለኣኸልኩም'ዩ።

ብሰንኪ ዕድሜኹም ወይ ብዚኾነ ወሃቢ ንምኳን ዚድርት ናይ ጥዕና ኩነታትኩም ክትምዝገቡ ምስ ዘይትኽእሉ ብኽብረትኩም ናይ ሃይለ ፍልሰተ ኣንጉዕ ወሃቢ ንምርካብ ኣብ ዚካየድ ዘሎ ወፈራ ክትሳተፉን ኣበርቲዕኩም ክትንቀሳቐሱን ንጽውዕ። ንሓዋሩውን፡ ምእንቲ ረብሓ ማሕበረኮምና ብሰፊሑ ናይ "ቢ ዘ ማች" ወለንተኛታት ክትኮኑ ሓደራ፡

በጃኹም ተኻፈልቲ ኩኑ: ተመዝገቡ፡ ሓግዙ፡ ተዋፈሩ። ሃይለ ብኹሉ መልከዓት፡ ብዘይ ምድንጓይ፡ ሕጂ፡ ሓገዝኩም የድልዮ ኣሎ።

ንወሃቢ ዚምልከት ሕቶታት ምስ ዚህልወኩም ብኽብረትኩም ን Be the Match at City of Hope ብተፎን ቑ. (626) 301-8483 ተራኸቡ። ከምኡውን ኣብ Facebook - Be the Match at City of Hope ክትራኸቡ ትኽእሉ።